ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
مكتب الإعلام والثقافة

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
INORMATION & CULTURAL OFFICE
ensf.info@gmail.com

# *ስርዓት ህግደፍ*
# *ኣብ ከተማ ዓዲ ቀይሕ ዜጋታት ይኣስር ኣሎ !*

*ከም መቐጸልታ ዓማጺ ተግባራት ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ፣ ጸጥታዊ ጉጅለታቱ ብዙሓት ዜጋታት ኣብ ዓዲ ቐይሕ ከም ዝኣሰሩ እሙናት ምንጭታት ሓቢሮም። እዚ ናይ ማእሰርቲ ስጉምቲ ካብ ሮቡዕ ዕለት 24/01/2019 ኣትሒዙ ክሳባ ንጎሆ ሓሙስ 25/01/2019 ከም ዝቐጸለ ብምሕባር፣ ካብ'ዞም ተኣሲሮም ዘለዉ ዜጋታትና ኣብ "እስላማዊ ኣውቓፍ" (እስላማዊ ምምሕዳር)፣ ዝሰርሑ ኮይኖም፣ ክሳብ ሕጂ በጺሑና ዘሎ ኣስማቶም እዚ ዝስዕብ ኢዩ፡-*

1. *ኣቶ ሳልሕ ኢብራሂም ሹም*
2. *ኣቶ ዩሱፍ ሙሓመድ*
3. *ኣቶ ናስር ሳልሕ ጻድዋ*
4. *ኣቶ ማሕሙድ ዓብዱ ቓዲ*
5. *ኣቶ ሳልሕ ዲኒ*

*ብተመሳሳሊ፣ ጉጅለ ህግደፍ፣ ኣብ ኣስመራን ካልኦት ከተማታት ኤርትራን፣ ንልዑላውነት ሃገርናን መጻኢ ዕድል ህዝብናን ዝህድድ ዘይብሩህ ዝምድና ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ምስ ኢትዮጵያ፣ ክቃወሙ ኢዮም ንዝበሎም ዜጋታትና፣ ጸጥታዊ ጉጀለታቱ ኣዋፊሩ ይኣስር ምህላዉ ምንጭታትና ሓቢሮም።*

*"ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ" !!*

*ክፍሊ ዕዮ ዜና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
26/01/2019